


# ግቡእ ደገፍ እንተ ረኺቡ ኣብ ናይ ስራሕ ህይወት ቦታ ኺረክብ ዚደሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ቦታ ኺረክብ ይኽእል እዩ።

## ብዛዕባ ሚሳ

ሚሳ ኣብ ስራሕ ዘተኰረ ደገፍን ኣገልግሎትን ዝህብ ሸወደናዊ ትካል እዩ። ንነዊሕ እዋን ስራሕ ዘይብሎም፡ ኣእምሮኣዊ ሕማም ወይ ስንክልና ዘለዎም ከምኡውን ናብ ክሰርሑ ወይ ልምምድ ክገብሩ ዝደልዩ ሰባት ኢና እነተኩር። ኣብ ሓሳብ እተመስረትናን ብመኽሰብ ዘይርከቦ ፋውንዴሽን ኢንክሉዲያ ኢና እንውነን። ሚሳ ኣብ 1994 ዝተመስተት ኮይኑ፡ ዝኾነ ሰብ ቅኑዕ ደገፍ ረኺቡ ኣብ ናይ ስራሕ-ዓለም ክሳተፍ ይኽእል'ዩ ዝብል መሰረታዊ ሓሳብ ሒዙ እዩ ተበጊሱ። ውልቃዊ መፍትሒታትን ውልቃዊ ደገፍን ኣብ ዕዮና ማእከላይ ኣምር እዩ።

## ንዓኻ ንምሕጋዝ፡ኣሰራርሓና ከም'ዚ ዝስዕብ እዩ፥

ሚሳ ብመሰረት እቲ ደገፍ ኣሰኒኻ ስራሕ ምርካብ፡ ማለት፡ Supported Emplloymeng (SE) ኣብ ዝብል ኣገባብ ኣሰራርሓ ተመርኲሱ እዩ ዝሰርሕ። ዕላማኡ፡ ካብ ዕዳጋ ስራሕ ወጻኢ ንዘለኻ ስራሕ ንኽትረክብን ንዝረኸብካዮ ስራሕ ንኽትዕቅብ ንምሕጋዝካዘቕነዐ እዩ። እቲ ሜላ ካብ ዓቕምታትካን ዝምባለኻንዕላማኻን ብምብጋስ፡ ንሃለዋትካ ባዕልኻ ተማእዝነሉ ሓይሊ ንምድልዳል እዩ። ናይ ገዛእ ርእስኻ ውሳነታት ንኽትገብር፣ ነቲ ኣንፈት ናይ ስራሕ ህይወትካ ባዕልኻ ንኽትቅልስ ደገፍ ይግበረልካ።

ብመንገዲ እዚ ሜላ'ዚ፡ ብርታዐኻን ተገዳስነትካን ክእለትካን ንኽተለሊ፡ ምሳኻ ዝጠዓዓምን ውልቃዊ ደገፍ ክትረክብ ኢኻ። ድሕሪኡ ምስ ዓቕምኻ ዝቃዶ ናይ ስራሕ ቦታ ክናደየልካ እዩ። ኣብ ጉዕዞኻ ዚድግፈካ ንዓኻ እተመደመ ኣማኻሪ ስራሕ ኪህልወካ እዩ። ብሓባር ኴንኩም፡ ንኣብነት፡ ከም ስራሕ ምርካብ ልምምድ ምግባር ፡ ትምህርቲ ምጅማር ወይ ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ምርካብ፤ ዝኣመሰለ ብሕታዊ ሸቶታትካ ንምውቃዕ ክትጽዕሩ ኢኹም።

እዚ መስርሕ እዚ ንኣብነት፡ ምስ ኣማኻሪኻ ብምትሕብባር እተፈላለየ ሞያታት ምፍታሽ፣ ምስ ኣስራሕቲ ምርኻብ ከምኡውን ናብ ናይ ስራሕ ቦታ ምብጻሕ ምግባር ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል እዩ። ብኸምዚ፡ ንዓኻ ዝሰማማዕን ናብ ናይ ስራሕ ህይወት ዘቕርበካን መገድታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ኣማኸርቲ ስራሕ ሚሳ፡ ምሳኻን ምስ ኣስራሒኻን ብቐረባ ይሰርሑ። ኣብ እዋን ምልላይ ድማ ደገፍ ይግበሩልካ፡ ብዛዕባ ዝህሉ ምትዕርራያት ፍልጠት ንኽህልወካ ኣበርክቶ ንገብር፡ ኣብ ናይ ስራሕ ግዜ ድማ ድሉዋት ኢና። ብተግባርን፣ ምይይጥን ምክትከታልን ኣቢልና ውሕስነት ዘለዎ ስራሕ ንምጅማር ተኽእሎ ንፈጥር። ንዓኻንን ነቲ ኣስራሕን፡ ጠቓምን ንነዊሕ ዝጠመተ ዘተኣማምንን ምትሕብባር መታን ክህልወኩም፡ ዘድሊ ደገፍ ይግበረልኩም።

Tigrinja, 2026

# ስርዓተ-ክብርታትና

ኣብ ሚሳ፡ ኩሉ ሰብ ከም ምሉእ ውልቀ-ሰብ ክኽብር መሰል ኣለዎ፤ ኢልና ኢና እንኣምን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናይ ምምዕባልዕድል ንኽህልዎን ርእሰ-ምትእምማኑ ንኽዕብን ኢና እንሰርሕ። ብተወሳኺ፡ ናይ ተበጻሕነት ስምዒት ክስምዓካ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ውሕስነት ዘለዎ መዋቕር ክህልወካን፡ ኣብ ኩነታትካ ተመርኩስካ ክትሳተፍ ንኽትክእልን እዩ ድሌትና።

ስራሕ ምህላው ኣብ ሕብረተሰብ ንኽትሳተፍ ዝኽእለካ መገዲ ኢዩ፡ ብርታዐን ርእሰ-ምትእምማንን ድማ ክህበካ ይኽእል እዩ። ንውሱናት እተሓዝአ ሃዋህው፡  ንኻልኦ ናብ ምግላልከምመርሕ ስለ ዝኽእል፣ ኣብ ክፉት ናይ ስራሕ ዕዳጋ ምስራሕዝበለጸ ም኿ኑ ኢና እንኣምን። ብስራሕና ኣቢልና ዝያዳ ሓቋፊ ዝኾነ ናይ ስራሕ ህይወትን ሕብረተሰብን ኢና ክንፈጥር ንደሊ። ሽዑ'ዮም ብዙሓት ሰባት ናይ ምምዕባልን ምስታፍን ኣበርክቶ ናይ ምግባርን ዕድል ዝህልዎም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ሓቛፍነትን ብዙሕነትን ንኽሰፍን ነተባብዕ ኢና።

# ዋኒንና

ሚሳ፡ ኣብ ሽወደን ኣብ ዝተፈላለያ ቦታታት እንተላይ ኣብ ስቶክሆልም፣ ሄልሲንግቦርይ፣ ሉንድ፣ ቬስተሮስን ኡፕሳላን ናይ ስራሕ ጨንፈራት ኣለዎ። ኩሎም ኣማኸርቲ ስራሕ ኣብ ኣገባብ ዝሓዘ ኣሰራርሓ ተመርኲሶም ይሰርሑ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተወሳኺ ምዕባለታቱ ማለት፡ ናብ ስራሕ ዝቕነዐ ንውልቀ-ሰብ ዝተጠዓዓመ ደገፍን (IPS) ከምኡ'ውን ደገፍ ትምህርቲ (SEd) ስልጠና ይወሃቦም። እዚ ኣሰራርሕ'ዚ፡ ደገፍ ንምስፋሕን ንዝተፈላለዩ ድሌታት ተሳተፍቲ ንምምላእን የገልግል።

ሰራሕተኛታት ሚሳ ዝተፈላለዩ ቛንቋታት ይመልኩን ይዛረቡን። ብቛንቋኻ ናይ ሓበሬታ ዝርርብ እንተ ኣድልዩካርኽበና'ሞ ቛንቋኻ ዚዛረብ መሳርሕትና ወይ ተርጓሚ ከነዳልወልካ።

ዓማዊልና ብቐንዱ ኮማዊ-ምምሕዳራትን ካልኦት ህዝባዊ ተዋሳእትን እዮም። ሚሳ፡ ነቶም ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ዕንቅፋታት ዘጋጥሞም ሰባት፡ ከምዚ ዚስዕብ ደገፋት ይገብረሎም፡-

- -ኣብ ስራሕ ዘተኰረ መዓልታዊ ንጥፈታት (LSS)
- -መዓልታዊ ንጥፈታት (SoL)
- -ናይ ስራሕ ስልጠናን ደገፍን ዕዳጋ ስራሕን

ሚሳ፡ ምስ በዓል Left is Right, Misa Kompetens, Compleo, Mellanmålet, ከምኡውን Wilja Arbetsrehab ሓቢሩ፡ ኣካል እቲ ዓቢ ትካል WiljaGruppen እዩ።